ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ -ሕድሪ جبهة الإنقاذ الوطني الإرترية - حيدرى

ERITREAN NATIONAL SALVATION FRONT – HIDRI

# ኣገዳሲ መግለጺ

ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ-ሕድሪ፡ ኣብ ዝሓለፈ ሳምንታት ኣኼባ መሪሕነቱን ከምኡውን ሰሚናር ውድብን ብምስልሳል፡ ናብቲ ኩሉ መሰረታትናን ህዝቢ ኤርትራን ብሃንቀውታ ዝጽበዮ ዘሎ ጉባኤ ንምእታው ኣብ ምሽብሻብ ይርከብ። ኮይኑ ግን፡ ምሉእ ጻዕርታት ውድብናን ኣባላቱን ፈተውቱን፡ ብሰንኪ ዝተፈላለየ ሸርሕታት ክነተግብሮ ኣይካኣልናን፡ ናይዚ ኩሉ ተጻብኦ ዋና ድማ ኣብ ውሽጢ ውድብ ኮይና፡ ስልጣን ከይትሕደግ ዝሰገአት ጉጅለ ምዃኑ፡ ንፈታዊ ይኹን ተጻባኢ እናበረሀ ምምጽኡ ናይ ጎደናታት ሚስጢር ኮይኑሎ።

ነዚ ዕንቅፋታት ንምእላይን ንምፍዋስን እንተወሓደ ብሓባር ውሳነ ንምውጻእ፡ ዘይተፈተነ ፍታሕን ዘይተፈንቀለ ሓሳባትን የሎን። በዚ ምኽንያት፡ እታ ናይ መወዳእታ ፍታሕ ክንውስን ንግደድ ኣሎና። እቲ ውሳኔና ድማ፡ ካብ ሎሚ ዕለት **08-ታሕሳስ 2016** ጀሚሩ፡ ሓውና ዑቕባዝጊ ደቡስ ካብ ውድብ ከምዝደስገለ ነብርህ። ስለዚ ብስም ውድብና ዝገብሮ ንጥፈታት ከምዘይሎን ሓላፍነት ከምዘይብሉን ኣትሪርና ነስምረሉ:: ኣባል መሪሕነት ብምዃኑ ግን ኣባልነቱ ናይ ምስሓብ መሰል የብልናን። እዚ መሰል ጉባኤ ጥራይ እዩ ዝውስኖ።

ውድብና ኣብዚ እዋን እዚ ፈጻሚት ኣካል ነዞም ዝሰዕቡ ከምዝመረጸ ንገልጽ

- ኣቦ ወንበር ፈጻሚት ኣካል : ገብረሚካኤል ኣስከለ
- ናይ ውደባ ሓላፊ : ማሕሙድ ሳልሕ
- ወተሃደራዊ ሓላፊ፡ እድሪስ ማሕሙድ
- ናይ ቁጠባ ሓላፊ፡ የማነ ለምለም
- ናይ ዜና ሓላፊ፡ ዳዊት ይብራሕ

ቤ/ጽ/ ፈጻሚት ኣካል ግ.ሃ.ድ.ኤ-ሕድሪ

ድሕነት ህዝብን ሃገርን ልዕሊ ኩሉ!!!

ዓወት ንሓፋሽ ብተግባር!!!

09 ታሕሳስ 2016